# ብዛዕባ ኮቪድ-19 – ብቐጻሊ ዝሕተቱ ሕቶታት

## ኮሮና ቫይረስን ኮቪድ-19 ን እንታይ እዩ?

ኮሮናቫይረሳት ዓቢ ናይ ቫይረሳት ስድራ ኮይኖም፡ ኣብ ስርዓት ምስትንፋስ ረኽሲ ዝፈጥሩ ምዃኖም ይፍለጡ። እዞም ሕማማምት ካብ ልሙድ ሕማም ሰዓል ኣትሒዙ ክሳብ ኣዚዩ ከቢድ ዝኾኑ ሕማማት ከም ኣዚዩ ጽኑዕ ሕማም ምስትንፋስ (SARS) ከምኡ'ውን ናይ ማእከላይ ምብራቕ ሕማም ምስትንፋስ (MERS) የጠቓልል። እዚ ሓዲሽ ኮሮና ቫይረስ ካብ ቻይና ክፍለ ሃገር ሁበይ ዝመንጨወ ኮይኑ እቲ በዚ ቫይረስ ዝኽሰት ሕማም ድማ ኮቪድ-19 ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## እዚ ኮረናቫይረስ ብኸመይ እዩ ዝስፍሕፋሕ?

ኮቪድ-19 ብብዝሒ ዝስፋሕፍሓሉ መገዲ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኮይኑ ብኽምዚ ዝስዕብ ይላገብ

- ምስ በቲ ሕማም ዘለዎ ሰብ ብምትንኻፍ ወይውን ኣብ 24 ሰዓታት ቅድሚቲ ምልክት ምርኣዩ ምትንኻፍ።
- ምስሓደ እቲ ሕማም ከምዘለዎ ዝተረጋገጸን ዘስዕል ወይ እንጥሾው ዝብል ሰብ ብቐረባ ብምትንኻፍ።
- እቲ ሕማም ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ንዝሰዓለሉ ወይ እንጥሾው ዝበለሉ ከም መትሓዚ ማዕጾ ወይ ጠረጴዛ ድሕሪ ምትንካፍ ኣፍካ ወይ ገጽካ ምትንካፍ።

## ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 እንታይ እዮም?

ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 ልክዕ ከምቲ ኣብ ሰዓል ወይ ጉንፋዕ ዘሎ ምልክታት ተመሳሰልቲ እዮም እዚ ማለት ከም:

- ረስኒ
- ናይ ጎሮሮ ስምዒት ሕርኽራኽ
- ምስዓል
- ስምዒት ድኻም
- ጸገም ምትንፋስ

ኮሮናቫይረስ ዘሰክፍ ሕማም ኮይኑ እናሃለወ፡ ክዝከር ዝግበኦ ኣድላዪ ነገር ኣሎ፡፡ ንሱ ድማ፡ ከምዚ ዓይነት ምልክታት ዘርእዩ ሰባት ሰዓልን ካልእ ናይ ምትንፋስ ሕማምን ዝሓመሙ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ግድን ኣይኮነን ከምኡ ስለዝተራእዮም ኮሮናቫይረስ ክህልዎም።

## ከምዚ ምልክታት እንተተራእዩኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ናብ ኣውስትራሊያ ምስ ኣተኹም ኣብ ዉሽጢ 14 መዓልታት ወይውን ምስ ኮረናቫይረስ ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ድሕሪ ምትንኻፍ ኣብ ዉሽጢ 14 መዓልታት ምልክታት እንተተራእይኩም ንህጹጽ መርመራ ናብ ዶክቶርኩም ቀሪብኩም ክትረአዩ ኣለኩም።

ቅድሚ ምኻድኩም ናብ ናይ ጥዕና ክልኒክ ወይ ሆስፒታል ደዊልኩም ብዛዕባ ኩነታት ጉዕዞኹም ወይ ምስ ኮረናቫይረስ ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ርክባት ኔርኩም ከምዝነበርኩም ሓብሩ። እስካብ ሰብ መዚ ጥዕና ናብቲ ልሙድ መዓልታዊ ንጥፈታትኩም ክትምለሱ ጸገም ከምዘይብሉ ሓቢሩ ዘፋንወኩም፡ ኣብ ገዛኹም ወይ ኣብ ሆቴል ወይውን ኣብ ናይ ጥዕና መከናኽኒ ነቑጣ ተፈሊኹም ጽንሑ።

## ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ክገብር ይግባኣኒ ድዩ?

መርመራ ክትገብሩ ዝግበኣኩም እንተኾይኑ ዶክተርኩም ክሕብረኩም እዩ። ዶክተርኩም ነቲ ናይ መርመራ መስርሕ ባዕሉ ከጣጥሓልኩም እዩ።

ዶክቶርኩም እዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ከምዘማላእኩም ምስኣረጋገጸ ጥራይ እዩ መርመራ ዝግበረልኩም፡:

- ኣብዝሓለፉ 14 መዓልታት ካብ ወጻኢ እንድሕር መጺእኩም እሞ ረስኒ ይሃልኹም ኣይሃልኹም ናይ ምትንፋስ ሕማም እንተ ተራእይኩም
- ኣብዝሓለፉ 14 መዓልታት ምስ ኮቪድ-19 ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ቀሪብኩም እንተኔርኩምን ብረስኒ ወይ ረስኒ ዘይብሉ ናይ ምትንፋስ ሕማም እንተማዕቢልኩም።
- ከቢድ ካብ ማሕበረሰብ ዝተጠርየ ንኒሞኒያ እንተለኩም እሞ ግሉጽ ጠንቂ እንተዘይብሉ።
- ሰራሕተኛ ክንክን ጥዕና ኮይንኩም ብቐጥታ ምስሕሙማት ትሰርሑ እንተኾይንኩም እሞ ናይ ምትንፋስ ሕማምን ረስኒ እንተልይኩምን

ካብዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ረቛሒታት ንገለ እንተማሊእኩም ዶተርኩም ንኮቪድ-19 ክትምርመሩ ከምትኽእሉ ክሓተልኩም ይኽእል። ከዝከር ዘለዎ ኣገዳሲ ነገር ብዙሓት ሰባት ልክዕ ከምቲ ምልክታት ዝመስል ናይ ኮቪድ-19 እንተለዎምኳ እቲ ቫይረስ ዘይብሎም ኣለዉ። እቶም ዘለዉና ላባራቶሪታት ነቲ ዘሎ ብዙሕ ጠለባት ምጽዋሩ ከምዝኽእሉ ንምርግጋጽ እቶም በዚ ሓማም ከምተታሕዙ ዝጥርጠሩ ጥራይ እዮም ዝምርመሩ። እቶም ደሓን ዝስምዖምን ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቛሒታት ንዘየማልኡ መርመራ ክግበረሎም ኣየድልን እዩ።

## ንመን'ዩ ምፍላይ ዘድልዮ?

ኩሎም እቶም ካብ ፍርቂ ለይቲ ናይ 15 መጋቢት 2020 ናብ ኣውስትራሊያ ዝኣተዉ ወይ ምስ ኮሮናቫይረስ ከም ዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ዝቐረቡን ን14 መዓልታት ተፈልዮም ክጸንሑ ይግደዱ።

## እቲ ምሳይ ዝነብር ሰብ ናይ ኮቪድ-19 እንተልይዎ፡ ካብኡ ክፍለን ገዛእ-ርእሰይ'ውን ክምርመር ይግብኣኒዶ?

ሓደ ካብ ኣባል ስድራ እዚ ሕማም ከምዘለዎ እንተተጠርጢሩ ክትፍለዩ የድልየኩም ይኸውን እዩ። እዚ በቲ ናትኩም ነቐጣ ህዝባዊ ጥዕና ጉዳይ ብጉዳይ ዝርአ ኩነታት እዩ። ክትፍለዩ ዘድልየኩም እንተኾይኑ እቲ ናትኩም ነቐጣ ህዝባዊ ጥዕና ክሕብረኩም እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባዚ ዝገልጽ ዝርዝር ሓቂታት ኣብ home isolation. ክተንብቡ ትኽእሉ።

## ኣብ ገዛኻ ምፍላይ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ኮቪድ-19 ከምዘለኩም እንተተፈሊጡ እቲ ሕማም ናብ ካልእ ሰብ ከየስፋሕፍሕ ንምክልኻል ኣብ ገዛኹም ክትፍለዩ ኣለኩም። ናብቲ ቫይረስ ተቓሊዕኩም እንተኾይንኩም'ውን ኣብ ገዛኹም ክትፍለዩ ክትሕተቱ ይከኣል እዩ።

ኣብ ገዛኻ ምጽናሕ ማለት:

- ናብ ህዝባዊ ቦታታት ከም ስራሕ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ማእከላት ዕዳጋ፥ መውዓሊ ቆልዑ ወይ ዩኒቨርስቲን ዘይምኻድ ማለት እዩ።
- መግቢን ዘድልይኹም ነገራት ሰባት ከምጽእልኩም ብምሕታት ኣብ ኣፍ ማዕጾኹም ከምዝገድፍልኩም ምንጋር ማለት እዩ።
- ናብቲ ዘለኹም ሰብ ክበጽሓኩም ኣይተፍቀዱ — እቶም ወትሩ ምሳኹም ዝነብሩ ጥራይ እዮም ኣብ ገዛኹም ክህልዉ ዝግባእ።

ኣብ ገዛኹም ኣብ ትህልውሉ እዋን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምውዳይ ኣየድልየኩምን እዩ። ሕክምና ንምግባር ናብ ደገ ምውጻእ እንተድልዩ ንካልኦት ንዘይምልካም ናይ መጥባሕቲ መከላኸሊ ኣፍን ኣፍንጫን ጌርኩም ውጽኡ።

ምስ ስድራኹምን ምስ ኣዕርኽትኹምን ብቐጻሊ ብቴለፎንን ኦንላይንን ርክባት ኣይተቋርጹ። ንዝያዳ ሓበሬታ ዝስዕብ መረዳእቱ ኣንብቡ home isolation

## ማሕበራዊ ምርሕሓቕ እንታይ እዩ?

ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ለበዳ ኮቪድ-19 ፍጥነት ምልባኡ ንኽዝሕል ሓደ መገዲ እዩ። ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ዝበሃል ጥዕና ኣብዘይስመዓካ ኣብ ገዛኻ ምጽናሕ፡ ኣድላዪ ዘይኮኑ ኣብ ዓበይቲ ኣኼባ ህዝቢ ዘይምስታፍ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ መንጎኹምን ካልእ ሰብን ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ምፍንታት፡ ኣካላዊ ምትንኻፍ ምጉዳል ማለት ርኡይ ምልክታት ዘርእዩ ዘለዉ ብፍላይ ንዓበይቲን ሕዱር ሕማም ንዘለዎምን ንሰላምታ ብኢድ ዘይምጭብባጥ፡

እቲ መዓልታዊ ልሙድ ንጥፈታት ምቕያር ኣየድልን'ዩ፡ እንተኾነ ነቶም ኣብ ማሕበረሰብና ዝርከቡ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ዝርከቡ ሰባት ካብቲ ሕማም ንምክልኻል ንምሕጋዝ እዞም ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ምግባር ሓገዝቲ እዮም።

## ንከቢድ ሕማም ንምቅላዕ ኣብ ኣዝዩ ሓደጋ ዘሎ መን'ዩ?

ገለ ሰባት ዋላ እንተተለኽፉ'ውን ፈጺሞም ዘይሓሙ ኣለዉ። ገለ ድማ ምጡን ምልክታት ኣርእዮም ብቐሊሉ ዝሓውዩ ኣለዉ፡ ገለ ድማ ኣዚዮም ቀልጢፎም ዝሓሙ ኣለዉ። ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮ ካልኦት ኮሮናቫይረሳት እቶም ኣዚዮም ኣብ ሓደጋ ሕማም ዝወድቁ እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዝተዳኸመ ሰባት (ንኣብነት ሕማም ካንሰር ዘለዎም)
- ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት
- ልዑል መጠን ሕዱር ሕማም ዘለዎም ህዝቢ ኣቦርጂንን ቶረስ ኣይላንደራዊያን
- ሕዱር ሕክምናዊ ጸገም ዘለዎም ሰባት
- ብጉጅለ ዝነብሩ ሰባት
- ኣብ መቕየዲ ማእከላት ዝነብሩ ሰባት
- ኣዚዮም ነኣሹ ቆልዑን ሕጻናትን*

*ኣብዚ ደረጃ ኣብ ቆልዑን ሕጻናትን ዘሎ ሓደጋን ቆልዑ ኣብ ምምሕልላፍ ኮቪድ-19 ዘለዎም ተራ ንጹር ኣይኮነን ዘሎ። እንተኾነ ዛጊድ መጠን ምሕማም ብኮቪድ-19 ኣብ ቆልዑ ምስ ሓፈሻዊ ህዝቢ ክነጻጸር ከሎ ትሑት እዩ ዘሎ።

## እዚ ቫይረስ ብኸመይ እዩ ዝፍወስ?

ንኮሮናቫይረስ ዝተፈልየ ፈውሲ የለን። ጻረ ተሃዋስያን (ኣንቲባዮቲክስ) ኣንጻር ቫይረስ ኣድማዕቲ ኣይኮኑን። ዝበዝሑ እቶም ምልክታት ብደጋፊ ሕክምናዊ ክንክን ክፍወስ ይከኣልዩ።

## ኮሮናቫይረስ ከይላባዕ ንምክልኻል ብኸመይ ክንሕግዝ ንኽእል?

ጽቡቕ ንጽህና ናይ ኢድን ዕንጥሾው/ምስዓልን ከምኡውን እንተሓሚምካ ካብ ካልኦት ርሕቀትካ ምሕላው ዝበለጸ መከላኸሊ ናይ ዝበዝሑ ቫይረሳት እዩ። ክትገብርዎ ዝግባእ እምበኣር፥

- ቅድሚን ድሕሪን ምብላዕኩምን፡ ካብ ሽቓቕ ድሕሪ ምውጻእኩምን ኣእዳውኩም ብሳሙናን ማይን ብተደጋጋሚ ተሓጸቡ።
- እንጥሾው ወይ ክትስዕሉ ከለኹም ተሸፈኑ፡ ዝተጠቐምክምሉ መሃረብ ወረቐት ኀሓፉ፡ ኣልኮል ዘለዎ መንጽሂ ኢድ ተጠቐሙ።
- ጽቡቕ ምስዘይስመዓኩም ምስ ካልኦት ምርኻብ ኣቋርጹ (ካብ ካልኦት ሰባት ብ 1.5 ሜትሮ ተረሓሓቑ).
- ንስጉምቲ ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ናይ ገዛእ ርእስኹም ሓላፍነት ተሰከሙ።

## ኣብ ማእከላት መእለዪ ኣረጋዊያን ንዘለዉ ስድራን ኣዕርኹን ክበጽሕ ትኽእልዶ?

ናይ ዝኾነ ቫይረስ ለበዳ ኣብ መእለዪ ኣረጋዊያን ኣዚዩ ርኡይ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ኮቪድ-19 ብዕድመ ንዝሸምገሉ ሰባት ናይ ጥዕና ሓደጋ እዩ። ንዝሸምገሉ ሰባት ንምክልኻል እገዳ ይግበር እዩ፡፡ እዞም ዝስዕቡ ኩነታት እንተሃልዮም ናብ ማእከላት ኣረጋዊያን ኣይትብጽሑ፥

- ኣብ ዝሓለፈ 14 መዓልታት ካብ ወጻኢ እንተመጺእኩም
- ኣብ ዝሓለፈ 14 መዓልታት ምስ ኮቪድ-19 ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ተቐራሪብኩም እንተኔርኩም
- ረስኒ ወይ ናይ ምትንፋስ ረኽሲ እንተኔርኩም (ንኣብነት፥ ሰዓል፥ ናይ ጎሮሮ ሕማም፥ ሕጽረት ምትንፋስ)

ናብ ማእከላት መእለዪ ኣረጋዊያን ንምብጻሕ፤ ካብ 1 ግንቦት ናይ ኢንፍሉወንዛ ክታበት ክትክተቡ ኣለኩም።

ናብ ማእከላት መእለዪ ኣረጋዊያን ንምብጻሕ ተወሳኺ ጥንቃቐታት ክውሰድ መንግስቲ ዝሃቦ መምርሒታትውን ኣሎ፤ እዚ ድማ፡-

- እቲ ናይ ምብጻሕ ግዜ ሓጺር ምኻኑ ምርግጋጽ
- ኣብ ሓደ እዋን ንዶክቶር ወሲኽካ እንተ በዝሐ ክልተ በጻሕቲ ጥራይ ምኻኖም ምርግጋጽ።
- እቲ ምብጻሕ ዝግበረሉ ቦታ፡ ኣብ ገዛ ናይ ነበርቲ፥ ኣብ ደገ፡ ከምኡውን እቲ ማእከል ኣብ ዝወሰኖ መብጽሒ ቦታ ደኣምበር ኣብ ናይ ሓባር መውዓሊ ቦታ ዘይምኻኑ ምርግጋጽ
- ዓቢ ጉጅለ ኮይንካ ምብጻሕ ወይ ምእካብ፡ ከምኡውን ማሕበራዊ ንጥፈታት ወይ ምዝንጋዕ ኣይፍቀድን።
- ዝኾነ ይኹን መጠን ብዘየገድስ ናይ ቤት ትምህርቲ ጉጅለታት ምብጻሕ ኣይፍቀድን።
- ብፍሉይ ኩነታት እንተዘይኮይኑ፤ ዕድሚኦም ትሕቲ 16 ዝኾኑ ቆልዑ ምብጻሕ ኣይፍቀድን።

ናብቶም ኣብ ማእከላት መእለዪ ዝርከቡ ኣባላት ስድራ ወይ ዓርከ መሓዛ ምብጻሕ ዘይፍቀድ እንተኾይኑ ብቴለፎንን ጻዊዒት ቪድዮን፥ ፖስትካርድ፥ ስእሊን ወይ ስራሓት ጥበብ ወይ ቪድዮ ብምልኣኽ ርክባት ዘይምቁራጽ ኣዚዩ ጠቓሚ እዩ።

## ናብ ከም ቤት ሳዕስዒትን ስፖርታዊ ንጥፈታት ዝበሉ ህዝባዊ ምትእኽኻብ ክኸይድ ይኽእልዶ?

ኣብዚ እዋን፡ ኣብኣውስትራሊያ ሰፊሕ ናይ ማሕበረሰብ ምልባዕ ኮቪድ-19 የለን። ነቲ ምልባዕ ንምቕናስ መንግስቲ ኣውስትራሊያ ኣብ ደገ ኣብዝግበሩ ኣገዳስቲ ዘይኮነ ኣኼባታት ካብ 500 ሰባት ንላዕሊ ምእካብ ከልኪሉ ኣሎ።

ዘይድለዩ ኣኼባታትን ወይ ናይ ኣገደስቲ ሰራሕተኛታት ኮንፈረንሳት ማለትውን ከም ክኢላዊ ክንክን ጥዕናንን ናይ ህጹጽ ኣገልግሎታት ኣኼባ ዉሱን ክኸውን ተጌሩ ኣሎ። እዚ መምርሒ ንምዕጻው ኣብያተ ስራሕ፥ ኣብያተ ትምህርቲ፥ ዩኒቨርሲታት፥ ደኳኩን ሱፐርማርኬታት፥ ህዝባዊ መጓዓዝያን መዓርፎ ነፈርቲን ኣይምልከትን እዩ።

ኣብተኣፋፊ ኩነታት ዝርከቡ ኣውስትራሊያዊያን ንምክልኻል፡ ናብ ነበርቲ መእለዪ ኣረጋዊያንን ኣብ ርሑቕ ዝርከቡ ማሕበርሰብ ኣቦርጂናዊያንን ቶረስ ኣይላንደራዊያንን ዝግበር ምብጻሕ ክጎድል መንግስቲ መምርሒ ኣውጺኡ ኣሎ።

እዚ ጥንቃቐ ነቶም ዕድሚኦም ልዕሊ 60 ዝኾኑ ሰባት ብፍላይ ድማ ሕዱር ኩነታት ሕማም ዘለዎም ኣገዳሲ እዩ።

## ኣብ ዉሽጢ ገዛ ዝግበሩ ንጥፈታት ከም መወሳወሲ ኣካላት፥ ባራት፥ ሲነማታትን ኣብያተ መግቢንከ?

ካብ 18 መጋቢት 2020 ኣትሒዙ ኣብኣገደስቲ ዘይኮኑ፡ ዉዱብ ናይ ገዛ ኣኼባታት ካብ 100 ሰባት ንላዕሊ ዝግበር ምትእኽኻብ ተኸልኪሉ ኣሎ። ካብ 100 ዝውሕዱ ሰባት ዝግበር ምትእኽኻብ ክውሰድ ዝግብኦ ጥንቃቐታት ኣሎ፥ እዚውን፦

- መጠን ስፍሓት እቲ ቦታ፥ ቁጽሪ ኣብኡ ዝኣትዉ ሰባት፥ ኣብ ዉሽጢ እቲ ክፍሊ ብዉሑስ መገዲ ንምዝውዋር ዘሎ ክፉት ቦታ ኣብ ግምት ምእታው። ሰባት ኣብ ንሕድሕዶም ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ክህሉ ኣለዎ።
- ናይ ኢድ ናይ ንጽህና ፍርያት ከም ሳሙና፡ ማይን ምቹእ ናይ መኊሓፊ ሳንዱቐን ምህላዉ ምርግጋጽ። እዚ ድማ ብቐጻሊ ክጸሪ ኣለዎ።
- ጽቡቕ እንተዘይተሰሚዑኩም ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ።
- ብዙሕ ምንቅስቓስን ርክብን ኣብ ዘለዎም ከም ባር ወይ ናይ ለይታዊ ትልሂት ክለባት ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዘይምጽናሕ።
- ምንቅስቓስ ንምግባር ውሱንነት ኣብዘለዎም ኣዳራሻት ከም ኣብ ኣብያተ ትያትር፡ ኣብያተ መግቢ፡ ሲነማታትን ስፖርታዊ ንጥፈታት ዝግበረሉ ቦታታት፡ ልዕሊ 4 ሰዓት ክጽናሕ የብሉን።
- ልዕሊ 100 ሰባት ንምእካብ እቲ ዝለዓለ ናይ ዓቕሚ ረቛሒታት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።

ማሕበራዊ ምርሕሓቕን ጽቡቕ ስራሕ ንጽህና ክሳብ ዝተገብረ፥ መዋሳወሲ ኣካላት ዝግበረሉ፡ ባራት፡ ኣብያተ መግቢን ሲነማታትን ኣብዚ እዋን ምዕጻው ኣድላይነት የብሉን።

## ከም ኣውሮፕላናት፡ ኣውቶቡሳት፡ ባቡራት፡ ብሓባር ምዝዋርን ታክሲታት ምጥቃምንከ?

ኩሎም ኣውስትራሊያዊያን ንኣድለይቲ ዘይኮኑ ጉዕዞታት ዳግመ ግምት ክገብሩሎም ኣለዎም። ኣብ ነፋሪት ብኮቪድ-19 ናይ ምልካፍ ሓደጋ ትሑት እንተኾነኳ ኣድላዪ ንዘይኮነ ጉዕዞታት ክግበር ተመራጺ ኣይኮነን።

መብዛሕቲኦም ህዝባዊ መጓዓዝያታት ኣድለይቲ ኢዮም። እንተኾነ ኣብዝኾነ ሰዓት ህዝባዊ መጓዓዝያ ዝጥቀሙ ብዝሒ ህዝቢ ንምጉዳል ቆጸርቲ ሰራሕተኛታቶም ተቐያያሪ ናይ ስራሕ ኣካይዳ መማረጥሲ ንኸህልዎም መንግስቲ ይላቦ። ናይነዊሕ ርሕቀት ጉዕዞ ልዑል ሓደጋ ምልባዕ ስለዘለዎ ኣብዚ ግዜ ዳግመ ግምት ክወሃቦ ኣለዎ።

መርከብ 'ስፐሪት ኦፍ ታዝማኒያ' ከም ኣድላዪት ኣገልግሎት መጓዓዚያ ተሓሲባ ስርሓ ትቕጽል ኣላ።

እንተተኻኢሉ ኣብ ዳሕረዋይ ኮፍ መበሊ ናይ ታክሲን ናይ ሓባር መጓዕዝያን ኮፍ ኢልካ ምጉዓዝ።

ንኣረግቶት ሰባት ወሲኽካ ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ ሰባት ብጉጅለ ምጉዕዓዝ ብዝከኣል ዘይምግባር።

## ስርሐይ ልዕሊ 100 ሰባት ዝርከብዎ ስለዝኾነ ናብ ስርሐይ ምኻድ ክቕጽሎ ድየ?

እወ፡ ናብ ስራሕኩም ምኻድ ቀጽልዎ። ኣብዚ እዋን መንግስቲ ዝተወደበን ዘይኣገዳሲን ምትእኽኻብ ካብ 100 ክበዝሕ ከምዘይብሉ ኣሚሙ ኣሎ። እዚ መምርሒ ንቦታታት ስራሕ፥ ኣብያተ ትምህርቲ፥ ዩኒቨርሲታት፡ ዱኳናት፡ ሱፐማርኬታት፡ ህዝባዊ መጓዓዚያን መዓርፎ ነፈርቲን ኣይምልከትን እዩ። ጽቡቕ ዘይስመዓኩም እንተኾይኑ (እንተሃሚምኩም) ነቲ ጀርምታት ናብ ካልኦት ከይተስፋሕፍሑ ኣብ ገዛኹም ጽንሑ።

## ንደቀይ ካብ መውዓሊ ቆልዑን ቤት ትምህርቲን ከውጽኦም ድዩ ዘለኒ?

ኣይፋልን፡ ኣብዚ ደረጃ መንግስቲ ኣሚምዎ ዘሎ ከም ትምህርቲን መውዓሊ ቆልዑን ዝበሉ ኣድለይቲ መዓልታዊ ንጥፈታት ክቕጽሉ እዩ። ዉሉድኩም እንተዘይጥዕዩም እቲ ጀርምታት ናብ ካልኦት ከይዝርግሕ ምእንቲ ኣብ ገዛኦም ክጸንሑ ግበሩ።

ዛጊት ካብ መላእ ዓለም ዝርከብ ዘሎ ሓበሬታ መሰረት ብኮቪድ-19 ዝሓመሙ ቆልዑ መጠነኛ ምልክታት ዘለዎም ኮይኖም ካብ ቆልዓ ናብ ቆልዓ ዉሑድ ምትሕልላፍ እዩ ዘሎ።

ኣብዚ እዋን ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19፡ ብዛዕባ ጥቕሚ ምቕጻል ስራሕ መውዓሊ ቆልዑን ቤት ትምህርቲን ኣብነታዊት ሃገር ኮይና ዘላ ሃገረ ሲንጋፖር እያ።

ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ንጽህና ስራሓት ከረጋግጹ ኣገዳሲ እዩ። ቆልዑ ድማ ብዛዕባኡ ክመሃሩን ብዝከኣል መጠን ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ከዘውትሩ ክተባብዑ ይግባእ።

## ብዛዕባ ስፖርቲታትን ንጥፈታትንከ?

ዓበይቲ ስፖርታዊ ፍጻመታትን ናይ ማሕበረሰብ ንጥፈታትን ናብ ካልእ እዋን ክሰጋገሩ ወይ ብመጠን ዕብየት ናይቲ ፍጻመን ትጽቢት ዝግበረሉ ብዝሒ ተዓዛቢን ክስረዙ ይኽእሉ እዮም።

ኣብዚ ደረጃ ናይ ማሕበረሰባት ስፖርት ክቕጽሉ እዮም። ይኹን እምበር ኣድለይቲ ተሳተፍቲ ጥራይ እዮም ኣብቲ ንጥፈታት ክርከቡ። እዚ ማለት ተጻወቲ፡ ኣሰልጠንቲ፡ ናይቲ ጸወታታት ሰብ መዚ፡ ሰራሕተኛታትን ኣብቲ ስራሕ ዝሳተፉ ወለንተኛታት ከም ኡውን ወለዲ/ኣለይቲ ተሳተፍቲን።

## መሸፈኒ ገጽ ክወዲ ይግበኣኒዶ?

ጥዑያት እንተኾይንኩም መሸፈኒ ገጽ ወይ ማስክ ምውዳይ ኣየድልየኩምን እዩ። ማስክ ምግባር ነቲ ሕማም ካብ ሕሙም ናብ ካልእ ከይመሓላለፍ ዝከላኸል እንተኾነ'ኳ፡ ኣብዚ እዋን እቶም ጥዑያት ኣባላት ህዝቢ ንኸም ኮሮናቫይረስ ዝበሉ ተላባዕቲ ሕማማት ንምክልኻል ከበሃል ምውዳይ ማስክ ኣየድልን እዩ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ንእዋናዊ መምርሒታት፥ ሓበሬታን ጠቓምቲ ነገራትን ንምርካብ ኣብ www.health.gov.au ብጽሑ።

ናብ ሃገራዊ ኮሮናቫይረስ ናይ ሓግዝ መስመር ቑጽሪ 1800 020 080 ደውሉ። እዚ ሓገዝ መስመር 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፡ ሸውዓተ መዓልታት ኣብ ሰሙን ክፉት እዩ። ኣገልግሎት ትርጉም ናይ ቃል ወይ ናይ ጽሑፍ እንተደለኹም ብቑጽሪ ተሌፎን 131 450 ደውሉ።

ናይ ክፍለግዝኣትኩም ወይ ፍሉይ ምምሕዳርኩም ትካል ህዝባዊ ጥዕና ቁጽሪ ተሌፎን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣለኩም፡ www.health.gov.au/state-territory-contacts

ብዛዕባ ጥዕናኹም ስግኣት እንተለኩም ንዶክተርኩም ሓብርዎ።